# ናይ ተዓዘብቲ ጸጋታት

ብመንጽር ኣብ ናይ ህጹጽ እዋን ኮቪድ-19፡ እዚ ዝውስኽ ዘሎ ተርእዮታት ናይ ጽልኢ ዘለዎ ተግባራት ኣንጻር AAPIs እንተዳኣ ገለ ጌጋ ነገር ሪኢኹም እንታይ ክትገብሩ ኣለኩም ክትፈልጡ ኣገዳሲ እዩ። ነዚ ጉዳይ ንምርኣይ Asian Americans Advancing Justice ከምኡ'ውንHollaback! ኣብ ሙሉእ ሚያዝያን ጉንቦትን ናይ ተዓዘብቲ ጣልቃ ናይ ምእታው ናይ ስልጠና ርክባት የእንግዱ ኣለዉ። ንናይ ስልጠና ርክባት ንምምዝጋብ፡ ነዚ ገጽ ብጽሑ ናይ ተዓዛባይ ጣልቃ ምእታው ናይ ርሕቀት ስልጠናታት።.

ብተወሳኺ Hollaback! ተዓዛባይ ንምምሃር ዝኸውን ናይ ጣልቃ ምእታው ጸጋታት ኣሎዎ፡ “5 Ds of Bystander Intervention.”

**ኣቓልቦ ምጥምዛዝ** ረቂቕን ፈጠራውን ናይ ጣልቃ ምእታው መገዲ እዩ። ኣብ'ዚ እቲ ዕላማ ብቐሊሉ ነቲ ኣጋጣሚ ብምቁራጽ ካብ መስመሩ ንምውጻእ እዩ። እቲ ሓሳብ ነቲ ጨቋኒ ሸለል ብምባል ከምኡ ድማ ምስቲ ዕላማ ኮይኑ ዘሎ ሰብ ቀጥታ ምጽማድ እዩ። ብዛዕባ ጭቆና ኣይትዛረቡ ወይ ኣይተመልክቱ። እኳ ደኣ ብዛዕባ ፈጺሙ ዘይራኸብ ነገር ተዛረቡ። ነዚ ዝስዕብ ክትፍትኑ ትኽእሉ፡

- ከም ዝጠፋእኩም ኣምስሉ። ግዜ ክንደይ ኮይኑ ኣሎ ሕተቱ። ነቲ ዝጭቆን ዘሎ ሰብ ከም ትፈልጥዎ ኣምስሉ። ሃንደበት ብዛዕባ ዝኾነ ነገር ተዛረብዎም ኣብ'ቲ ጨቋኒ ድማ ኣድህቦ ኣይትግበሩ።
- ናብ'ቲ መንገዲ እተው። ትገብርዎ ዝነበርኩም ቀጽሉ፡ ኮይኑ ግን ኣብ ሞንጎ ጨቋኒን እቲ ዕላማ ኮይኑ ዘሎ ሰብን እተው።
- ኮነ ኢልኩም ከም ኣጋጣሚ ኣምሲልኩም ቡንኩም፡ ኣብ ማሕፉዳኹም ዘሎ ማልስ ክዓውዋ ወይ ጭራሕ ምራሕ ግበሩ።

ልክዕ'ዩ ነቲ ኩነታት ኣንብብዎን ናይ ኣቓልቦ ምጥምዛዝ ኣገባባት ድማ ከከም ኩነታቱ ምረጹ። እቲ ዕላማ ተጌሩ ዘሎ ሰብ ድማ ዳርጋ ክርዳእ እዩ፡ ተስፋ ንገብር ተግባርኩም ወይ ዘረባኹም ነቲ ኩነታት ክህደኦ።

**ምውካል** ማለት ንሓገዝ፡ ን መሳርሒ/ጸጋ ወይ ካብ ሳልሳይ ኣካል ሓገዝ ክትሓቱ ከለኹም እዩ። እንታይ ክትገብሩ ትኽእሉ ኣብ'ዚ ኣብነታት ኣሎ፡

- ናይ መኽዝን ተቖጻጻሪ፡ መራሕ መኪና ወይ ናይ ትራንዚት ሰራሕተኛ ርኽብዎምን ጣልቃ ንክኣትዉ ድማ ሕተትዎም።
- ኣብ ጥቓ ቤት ትምህርቲ እንተድኣ ሃሊኹም፡ ንመምህር ወይ ዝኾነ ኣብ ቅድሚት ናይ ሰደቓ ዘሎ ሰብ ርኸብዎ። ኣብ ናይ ኮለጅ ካምፓስ፡ ንናይ ካምፓስ ጸጥታ ወይ ንዝኾነ ኣብ ናይ ቅድሚት ሰደቓ ናይ ዩኒቨርሲቲ ህንጻ ዘሎ ሰብ ርኸብዎ።
- ምሳኹም ዓርከ ምሓዛ ኣሳፍሩን ምስ ዝጭቆን ዘሎ ሰብ ንምዝርራብ ክትውክልዎ ትኽእሉ ሰብ እናረኸብኩም ሓደ ካብ ኣገባባት ናይ ምጥምዛዝ ኣቓልቦ ክጥቀሙ ግበርዎምን ( ንኣብነት ግዜ፡ ኣንፈታት ምሕታት፡ ወይ ምስ ጭቑና ዘይተኣሳሰር ዝርርብ ምጅማር)

- ጣልቃ ክኣቱ ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ዝርከብ ኣብ ጥቓኹም ዘሎ እንታይ ይጋጥም ኣሎ ዝርኢ ዘሎ ሰብ ተዛረብዎ። ብሓባር ስርሑ።

- ሓገዝ ንምርካብ (ውሑስ እንተኾይኑ) ናብ 311 ወይ 911 ደውሉ። ቅድሚ ን 911 ምርካብኩም፡ ኣቓልቦ ናይ ምጥምዛዝ ተጠቒምኩም ነቲ ዕላማ ተጌሩ ዘሎ ሰብ እዚ ንምግባር ይደልዩ እንተኾይኖም ኣረጋግጹ። ገለ ሰባት ናይ ኣተግበርቲ ሕጊ ጣልቃ ምእታው ዘይክምቸኦም ወይ ድሕነት ዘይክስምዖም ይኽእል እዩ። ንብዙሓት ሰባትን ሕብረተሰባትን፡ ታሪኽ ናይ ብ ኣተግበርቲ ሕጊ ዝግበር ግጉይ ኣተኣላልያ ኣብ ልዕሊኦም፡ ናብ ፍርሕን ዘይምትእምማንን ናይ ፖሊስ ምትእትታው መሪሑን ከምኡ ድማ ኣብ'ዚ ህሉው ክሊማ፡ ብዙሓት ሕብረተሰባት ኣለዉ፡ ከም ዘይተሰነዱ ግለ ሰባት ኣብ ኢድ ፖሊስ ምእታው ዝይውሑስ ኮይኑ ዝስምዖም። ኣብ ገለ ኩነታት፡ ነቲ ሰብ ዘይክትረኽብዎ ትኽእሉ፡ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ'ቲ ኩነታት ብሙሙርኳስ እቲ ዝበለጸ ፍርድኹም ክትጥቀሙ ከድሊ እዩ።

ንሓደ ሰብ እቲ ኣጋጣሚ እናተፈጸመ ከሎ ክትቀድሕዎ ወይ ክትስንድዎ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ኮይኑ ግን ብዙሓት ነገራት ኣለው ንሓደ ጭቆና ብውሑስን ብሓላፍነትን **ክትስንድዎ** ምእንቲ ኣብ ሓንጎልኩም ክትሕዝዎ ዘለኩም። ንዝያዳ ዝርዝር ነዚ ናይ [ሞቅሽሽ ወረቐት] ካብ ምስክር ርኣይዎ።

መጀመርያ ነቲ ኩነታት ገምግምዎ። ነቲ ዝጭቆን ዘሎ ሰብ ዝሕግዞ ሰብ ኣሎ ዶ? እንተዘየሎ፡ ሓደ ካብ'ዞም ካልኦት ኣርባዕተ ክግበሩ ዘለዎም ተጠቐሙ። ካልእ ሰብ ድሮ ይሕግዝ ኣንተሃልዩ፡ ናትኩም ድሕነት ገምግሙ። ውሑስ እንተድኣ ሃሊኹም ቀጽሉን ምቕዳሕ ጀምሩን። ወትሩ ነቲ ዝተጨቆነ ሰብ ነቲ ዝተቐድሐ ንምንታይ ይደልይዎ ሕተትዎም። ብዘይ ፍቓዶም ኣብ ኦንላይን ኣይትዘርግሕዎ ወይ ኣይትጠቐሙሉ። ነዚ ዝኸውን ብዙሕ ምኽንያታት ኣሎ። ክትጭቆን ወይ ክትጉነጽ ከሎኻ ናይ ምውራድ ተመክሮ እዩ። ስእሊ ወይ ንእሽቶ ቪድዮ ናይ ግዳይ ዝኸውን ዘሎ ሰብ ብዘይ ፍቓዱ ምጥቃም ነቲ ሰብ ዝያዳ ባዶነት ከምዝስመዖ ክገብሮ ይኽእል እዩ። እንተዳኣ እቲ ስነዳ ዝያዳ ተባዚሑ፡ ናብ ዝያዳ ግዳይ ሙኻንን እቲ ሰብ ዘይደልዮ ተራኣይነትን ክመርሕ ይኽእል። ብተወሳኺ፡ ብዘይ ፍቓድ ናይ ግዳይ ክፋል ናይ ቪድዮ ምዝርጋሕ፡ ዘጋጠሞም ነገር ህዝባዊ ይኸውንን ናብ ሕጋዊ ጉዳይ ዘእንግድ ነገር ውን ክመርሕ ይኽእል፡ ብፍላይ ድማ እቲ ተግባር ናይ ጭቆና ወይ ጎነጽ ብገለ መንገዲ ገበናዊ እንተነይሩ። ምስቲ ዘይመቸኦም ነገር ናብ ሕጋዊ ስርዓት ክጽመዱ ክግደዱ ይኽእሉ። ኣብ መጨረሽታ፡ እቲ ተመክሮ ኣእሙራኣዊ በሰላ ዝገድፍ ክኸውን ይኽእል። ናይ ካልእ ሰብ በሰላ ዘለዎ ተመኩሮ ብዘይ ፍቓዶም ምዝርጋሕ ብዝኾነ መንገዲ ኣድማዕን ሓጋዝን ተዓዛቢ ኣገብርን።

ነቲ ዘጋጥም ዘሎ ብምስማይ ወይ ነቲ ጨቛኒ ብምግጣም ቀጥታ ነቲ ጭቓና <u>**ክትምልሱሉ**</u> ትደልዩ ትኾኑ። እዚ ታክቲክ እዚ ሓደገኛ ክኸውን ይኽእል፡ እቲ ጨቛኒ ናይ ምጩቓን ተግባሩ ናባኹም ክግልብጦ ይኽእልን ነቲ ኩነታት ከጋድዶ ይኽእልን። ቅድሚ ቀጥታ ንምምላስ ምውሳንኩም፡ ነቲ ኩነታት ገምግምዎ፡ ኣካላዊ ውሕስነት ኣለኩም ድዩ? እቲ ዝጭቆን ዘሎ ሰብ ኣካላዊ ውሕስነት ኣለዎ ድዩ? እቲ ኩነታት ናይ ምግዳድ ተኽእሎ ዘይብሉ ዶ ይመስል? እቲ ዝጭቆን ዘሎ ሰብ ካልእ ሰብ ክዛረበሉ ደልዩ ክትብሉ ዶ ትኽእሉ? ነዞም ኩሎም ሕቶታት እወ ኢልኩም ክትምልሱ እንተኺኢልኩም፡ ቀጥታዊ ምላሽ ክትመርጹ ትኽእሉ።

ቀጥታ ጣልቃ ምእታው እንተመሪጽኩም፡ ገለ ነቲ ጨቛኒ ክትብልዎ ዘለኩም ድማ፡

- "እዚ" ዘይግባእ፡ ክብረት ዘይብሉ፡ ጽቡቕ ኣይኮነን ወዘተ።

- "ግደፎም"

- “እዚ” ጽልኢ-ሓደጾታ፡ ዓሌታዊ፡ (ዓይነት ጭቖና ግለጽ) ወዘተ።

እቲ ኣገዳሲ ነገር ኣብ’ዚ ሓጺርን ንጹርን ግበርዎ። ኣብ ዝርርብ፡ ክትዕ ወይ ምጉት ኣይትጸመዱ፡ እዚኣቶም ነቲ ኩነታት የጋድዱ እዮም። እቲ ጨቋኒ እንተዳኣ መሊሱ፡ ኣብ ክንዲ ምስ ጨቋኒ ምጽማድ ነቲ ዕላማ ኮይኑ ዘሎ ሰብ ክትሕግዙ ዝካኣለኩም ግበሩ።

ቀጥታዊ ጣልቃ ምእታው ሓደገኛ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ስለዚ ተጠንቂቕኩም ነዚ ተጠቐሙ።

ዋላ’ውን ኣብ’ቲ ህሞት ስጉምቲ ክትወስዱ እንተዘይካኣልኩም፡ ድሕሪ እቲ ኩነታት ድሃዮም ብምግባር ነቲ ዝጭቆን ዘሎ ሰብ ለውጢ ክትገብሩሉ ትኽእሉ ኢኹም። ዝበዝሑ ዓይነት ጭቆና እናሓለፍኩም ወይ ብቕልጡፍ ስለዘጋጥሙ፡ ኣብ’ዚ ጉዳይ ክሳብ እቲ ኩነታት ዝውዳእ ክትጽበዩ ትኽእሉን ነቲ ዕላማ ኮይኑ ዘሎ ሰብ ክትዛረብዎ ትኽእሉን። ታክቲክ ናይ **ምዱኑጓይ** ብንጥፈት ንምጥቃም፡ ኣብ’ዚ ኣለዉ ገለ መንገድታት፡

- ድሓን እንተኾይኖም ሕተትዎም ከምኡ ድማ ንዘጋጠሞም ሕማቕ ከምዝተሰማዓኩም ንገርዎም።
- ክትሕግዝዎም ትኽእልሉ ዝኾነ መንገዲ እንተሎ ሕተትዎም።
- ናብ’ቲ ክበጽሕዎ ዝደለዩ ኣሰንይዎምን ወይ ንግዚኡ ምስኦም ኮፍ በሉ።
- ምስኦም ኮንኩም ነገራት ተኻፈሉ ከምኡ ድማ እንተድኣ ዝደልዩ ኮይኖም ከመልክቱ ክትሕግዝዎም ሕተትዎም።
- ነቲ ኣጋጣሚ እንተዳኣ ሰኒድኩምዎ፡ ናብኦም ክትሰድዎ ዝደልዩ እንተኾይኖም ሕተትዎም።

* **ሓበረታ ብዛዕባ ድሕነት፡** ን ሰብ ክትሕግዙ ክትብሉ ክትጉዱኡ ኣብዝኾነ ግዜ ግዜ ኣይንደልን ኢና። ወትሩ ብዛዕባ ድሕነትን ከምኡ ድማ ንዓኹም ወይ ንዝኾነ ካልእ ሰብ ኣብ መንገዲ ሓደጋ ዘየእትው ተኽእሎታት ሕሰቡ።